# 112 ALS ELKE SECONDE TELT



## ሕጂ ብ 112NL ዝበሃል ኣፕሊኬሽን ጌርካ እውን ናብ 112 ክትድውል ትኽእል ኢኻ!

### 112NL ብምጥቃም፡

ነዞም ዝስዕቡ ሓበሬታታት ብኡ ንብኡ ናብ መሐበሪ ክፍሊ ክትሰድዎም ትኽእሉ

- ምሰ ኣየናይ ናይ ኣገልግሎት ክፍሊ ክትዛረቡ ከም እትደልዩ
- ስምኩም
- ቍጽሪ ተሌፎንኩም
- ናይ ምዝራብ ወይ ምስማዕ ጸገም ዘለኩም ምኳንኩምን ዘይምኳንኩምን
- ብቻት ንምዝርራብ እትመርጽዎ ቋንቋ

እቲ መሐበሪ ክፍሊ ምሳኹም ብቻት ምዝርራብ ክጅምር ይኽእል*

- ክትዛረቡ ወይ ክትሰምዑ ዘይትኽእሉ ምስ እትኾኑ ወይ ዘጸግመኩም ምስ ዝኸውን
- እንተድኣ ቋንቋ ኔዘርላንድ ወይ እንግሊዝኛ ብግቡእ ዘይትዛረቡ ኮይንኩም

ተሌፎንኩም ብኡ ንብኡ እቲ ዘለኽሞ ቦታ ናብቲ መሐበሪ ክፍሊ ክትልእኽ ትኽእል

እዚ ኸኣ ነቲ መሐበሪ ክፍሊ እቲ ዝግባእ ሓገዝ ናብ'ቲ ዝግባእ ቦታ ብቕልጡፍ ንክልእኽ የኽእሎ።



* እቲ ቻት ምስ ተጀመረ ምልክት ክመጻኩም እዩ። ጋላክሲ ኤስ8 (Galaxy S8) ከምኡ እውን ኤስ9 (Galaxy S9) ዝዓይነተን ተሌፎናት ነዚ ኣይሕብራን እየን።

## ነቲ 112NL ዝባሃል ኣፕሊኬሽን ናብ ቴለፎንኩም ኣውርድዎ

እዚ ኣፕሊኬሽን ንኣንድሮይድ [Android] ከምኡ እውን ኣይ.ኦ.ኤስ [iOS] ዝተዳለወ እዩ። ነዚ ሕጂ ኣውርድዎ። ቀልጢፍኩም ዝርዝር ሓበሬታታትኩም ምልእዎ። ብድሕሪኡ እቲ ኣፕሊኬሽን ነፍስወከፍ ካልኢት ኣድላይት ኣብ እትኾነሉ (ህጹጽ) እዋን ንኽትጥቀምሉ ድሉው እዩ ማለት እዩ። ኣስተውዕሉ! ን 112 ብዘይግቡእ ምጥቃም ብሕጊ የቕጽዕ እዩ። ስለዚ ኣብ ተሌፎንኩም ኣውሪድኩም ምስ ወዳእኩም ነቲ ኣፕሊኬሽን ከይትፍትንዎ፣ ምኽንያቱ ነቲ ጸገም ዝወረዶም ሰባት ክጥቀምሉ ዝግባእ መስመር ብዘይ ምኽንያት ክትሕዝዎ ስለ ዝኾንኩም።

Android

iOS